# ናጻ ማሕበር ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ንሰላምን ዲሞክራስን – ዞባ ኣውሮጳ

## ተቓለስቲ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ፡ ኣብ ወርሒ 11 2011 ዝተኻየደ ሃገራዊ ጉባኤ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ድርብ ዓወታት ሓፊሰን።

ተቓለስቲ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ፡ ህዝብና ኣብ ሃገራዊ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ዝወሰዶ ውሳኔ ንምትግባርን ምዕዋትን፡ ኩሉ ዝካኣለን ዘበለ ኣበርኪተን።

ኤርትራውያን ተቓለስቲ ደቂ ኣንስትዮ፡ ከም ሰብ ድርብ ቃልሲ መጠን፡ ንክልቲኡ ጉዳያት ብማዕረ ብምውዳን፡ ንአድራጋዊ መኸተ ክዋደዳ ግድን ኮይኑ ኣጽቢሑ። እዚ ድማ፡ ብሓደ ሸነኽ ኣካላት ሃገራዊ ኮምሽንን ኣብ ምምሕዳር ንኡስ ኮምሽናትን ኣባላትን ኮይነን፡ ነቲ ብዕለት 21 11 2011 ዝተጋበአ ሰፊሕ ሃገራዊ ጉባኤ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕዋት፡ ምስ ኩላቶም ሃገራውያን ተቓለስቲ ሓቢረን ዕዙዝ ሃገራዊ ሓላፍነታዊ ግዲአን ከወፍያ ጸኒሐን።

በቲ ካልኣይ ድማ፡ ደቂ ኣንስትዮ ብምዃነን፡ ነቲ ከም ሕ/ሰብ ፍርቂ ጎኑ ዝተጎዝየን ዝተጎድአን ክፋሉ ንምስትኽኻልን ምምዕርራዩን፡ ወላ'ኳ ዕማም ናይ ኩሉ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ሓይሊ እንተኾነ፡ እቲ ሕጋውን ባህላውን ሞግዳእቲ ዝበጽሖ ፍርቂ ኣካል ናይ ሕ/ሰብና፡ ደቂ ኣንስትዮ ብምዃነን፡ ናይ ቃልሲ መስኖ ክቓልሳን ብቐዳምነት ክስርዓን፡ ናይቲ መስርሕ ባህሪ፡ ታሪኻዊ ሓላፍነት ከም ዝስከማ ይገብረን። ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ዞባ ኣውረጳ፡ ካብዚ ህሞት'ዚ ብምንቃልን፡ ኣብ እዋና ዝዕየ ዘሎ ናይ ቃልሲ ታሪኽ ብምዕዛብን፡ ዕላማ ደቂ ኣንስትዮና ዝዕወተ ኣብ ሓደ ተጠርኒፈካን ጸኒዕካ ምቅላስ ምዃኑ ብምእማን፡ ንኣርባዕተ ማዓልታት ዝወሰደ መስራቲ ኮንፈረንስ ብምክያድ፡ **ናይ ርሑቕን ቀረባን መትከላዊ ዕማማተን ብምቕያስ ወዲነን ተበጊሰን።**

### ናይ ርሑቕ ዕማም

ደቂ ኣንስትዮ እርትራ፡ ነቲ ብዝላዓለ ደረጃ ዓጢቓን ዝተቓለሰኦ ጎላላዪ ናይ ኣድልዎ ጸኒሓዊ ስርዓትን፡ ግና ጠሪሹ ዘይበረሰ ድሑር ስምዒታቱ ካብ ስሩ ንምጉልዓል፡ ሓንስእን ንሓዋሩን ናይ ሓባር ወፈራ ከም ዘድሊ፡ ውሁድ ግንዛቤ ከጽዕያ ክኢለን፡፡ የግዳስ እቲ ገስጊሱ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝወደቐ ድንገት ግን፡ ብቐንዱ እቲ ህልዊ ዓመጻውን ቀታልን ኢሳያሳዊ መርሆ'ዩ። ብደምን ኣዕጽምትን ስዋኣትና እናሓጨጨ፡ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ኩሉንትናዊ መሰላት ዝኾመመን፡ ንጹህ ሓርነታዊ ቃልሰን ክቡር መንነትን ዝራኸሰን፡ ብጠቕላላ፡ ንቁንዕ ዕላማታትን ሃረርታን ህዝባና ዘረማሰሰን፡ ኣብ ዓለም መማስልቲ ዘይብሉ ጨካን ህግደፋዊ ስርዓት'ዩ። ብምዃኑ ድማ፡ ነዚ ስርዓት'ዚ ካብ ሱሩ ምሒኻ ብምልጋስ፡ ማዕረ መሰል ዜጋታታ ዘውሓሰት ዲሞክራስያዊት ኤርትራ ንምትካል፡ ነግ ፈረግ ዘየፍቅድ ኣምር ኮይኑ'ዩ፡፡ ስለዝኾነ ክኣ፡ ኩለን ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ ደጊመን ክላዓላን፡ ኣብጎኒ ሃገራዊ ተቓውሞና ደው ክብላ ንምጉስዓስ፡ ና.ማ.ደ.ኣ.ኤ.ንሰ.ዲ. ታሪኻዊ ግዴትኡ ኮይኑ ወሲድዎ።

### ናይ ቀረባ ዕማም

እቲ ናይ ማሕበርና ናይ ቀረባ ቀንዲ ዕማም ኮይኑ ኣብ ኮንፈረንስና ዝተቐመጠ ዓቢ ውጥን ድማ፡ ነቲ ኣብ ቃልስና ኣዝዩ ኣገዳሲ ቦታ ዝሓዘን፡ ንዓወት መላእ ህዝብና ድማ ወሳኒ እምነ-ኩርናዕ ዝኾነ ሃገራዊ ጉባኤ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምዕዋት ዝዓለመ ነይሩ።

ዕላማታት ድርብ ቃልሲ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ፡ ኣብቲ ናይ 30 ዓመታት ተጋድሎና ብመሰረቱ፡

1. ምግዛእታዊ ስርዓት ካብ ሃገርና ሓቢርካ ብምልጋስ፡ ኣብ ቦትኡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካል'ዩ።
2. መሰልን ማዕርነትን ኤርትራዊት ጓል-ኣንስተይቲ ብሕጊ ኣብ ቅዋም ሃገር ንምስፋርን፡ ኣብ ባይታ ንምምስካርን እዩ ነይሩ።

ስለ ዝኾነ ድማ፡- ናጻ ማሕበር ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ንሰላምን ዲሞክራስን ኣብ ዞባ ኣውረጳ፡ ኣብ ምዕዋት ሃገራዊ ጉባኤ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ብሓፈሻ፡ ንምርግጋጽ መሰል ጓል ኣንስተይቲ ድማ ብቐንዱ፡ ዓቢ ተራ ተጻዊቱ። ንሱ ድማ፡-

1. ሱታፌ ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ኣዝዩ ዝሕቱል'ኳ እንተኾነ፡ ሃገራዊ ኮምሽን ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፡ ነዚ ጉዳይ ብዕቱብ ክሪኦን ርትዓዊ ሱታፌ ደቂ ኣንስትዮ ከማልእን እዚ ማሕበር ሓያል ጻዕሪ ኣካይዱ። ስለዚ ድማ 30 % ንደቂ ኣንስትዮ ከም ዝሕዛእ ተገይሩ።

2. ብኮምሽን ሃገራዊ ዋዕላ ዝቐረበ ንድፊ ሃገራዊ ቅዋም፡ ንግደን ጥቕም ደቂ-ኣንስትዮ ዘርኢ ነጥብታት፡ ብግዳሰ ድሕሪ ምድህሳስ፡ ኣባላት ማሕበር፡ ብቴለ-ኮንፈረንስ ተኣኪበን፡ ኣብ ፖሎቲካውን ቁጠባውን ማሕበራውን ጉዳያት ክውሰኹን ክመሓየሹን ዘለዎም ነጥብታት ብምጽጻይ፡ ተወከልቲ ጉባኤ ኣትሪረን ክረግጻሉም ዘለውን ነጥብታት ብምምማይ፡ ብውሳኔ ንክሓልፉ ዝካኣለን ክጽዕራን ተግይሩ።

3. ኣባላት ናጻ ማ.ደ.ኣ.ኤ.ንሰ.ዲ ተወከልቲ ጉባኤ፡ ምስተን ካብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም፡ ጉባኤ ንምስታፍ ዝመጻ ደቂ-ኣንስትዮ ብምልዛብ፡ ብጉዳይ መሰለን ክመያየጣን ኣብ ጉባኤ ክጸድቁ ዝግበኦም ነጥብታትን ከለልያን፡ ከመይነት ስልጣን ይመቓራሓን ወ.ዘ.ተ ክጣለላን፡ ካብ ትሽዓተ ግዜ ዘይውሕዱ ኣኼባታት ኣካይደን። ስለዚ ድማ ንመሰል ጓል-ኣንስተይቲ ኤርትራ ዘረጋግጹ ኣገደስቲ ውሳኔታት ኣብ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ ቅዋም ኤርትራ ንምስፋር ተዓዊተን።

4. ካብ ሃገራዊ ጉባኤ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ዝተመርጹ ኣባላት ባይቶ 127 ክኾኑ ከለዉ 14 ካብኣቶም ደቂ-ኣንስትዮ ኮይነን።

5. ምክትላት ኣቦ መምበር ሃገራዊ ባይቶ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ 2 ክኾኑ ከለዉ፡ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ተመሪጻ።

6. ሽዱሽተ ናይ መጽናዕቲ ሽማግለታት ክምረጹ ከለዉ 2 ካብኣቶም ደቂ-ኣንስትዮ ኮይነን።

7. ሸውዓተ ናይ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈታት ክቐዉም ከሎ፡ ሓደ ካብኡ ፈጻሚ ቤት/ጽሕፈት ደቂ-ኣንስትዮ ኤርትራ ኮይኑ።

ስለዚ ድማ ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ፡ ኣብ ታሪኽ ቃልስና እቲ ዝዓበየ ክቦያ ንቕድሚት ዘሊለንን፡ ታሪኻዊ ስጉምቲ ኣብ ምምዝጋብ ድማ ተዓዊተን።

ንኹሉ ደላይ ለውጥን ፍትሕን ብጠቕላል፡ ንተቓለስቲ ደቒ ኣንስትዮ ድማ ብፍላይ እንኳዕ ኣመንሰክን።

***ክፍሊ ዕዮ ዜና ናጻ ማሕበር ደቂ -ኣንስትዮ ኤርትራ ንሰላምን ዲሞክራስን ዞባ ኣውሮጳ***

***24.01.2012***